# Lisinopril

**መድሃኒትኻ ፦ ሊሲኖፕሪል ___ mg**

**<u>ልምንታይ እየ ነዚ መድሃኒት እዚ ዝረክብ ዘለኹ ?</u>** ልዑል ጸቕጢ ደም ኣሎካ ። ልዑል ጸቕጢ ደም ሕክምና እንተዘይተገይሩሉ ሓደገኛ እዩ ። ወቕዒን ድኻም ልቢን ከስዕብ ይኽእል እዩ ። ሕክምና ዘይተገበረሉ ልዑል ጸቕጢ ደም ስለ ዘለካ ኽትመውት ትኽእል ኢኻ ።

**<u>ጀመሪያ ሕድሕድ ንግሆ 1 መድሓኒት ዉሰድ።</u>** ቅድሚ መድሓኒት ምዉሰድካ ምግቢ

ትበልዕ የብልካን ።

**<u>ነዚ መድሃኒት እዚ ኽወስድ ከለኹ እንታይ ክስምዓኒ እዩ?</u>** ሓድሓደ ግዜ ነዚ መድሃኒት እዚ ምውሳድ ጐዳኢ ሳዕቤን ኣለዎ። እዚ ጐዳኢ ሳዕቤን እዚ ንቡር ኰይኑ ኣይስምዓካን ይኸውን ። ሰብነትካ ነቲ መድሃኒት ምስ ለመዶ ሰዓል፣ ርእሲ ምዝር፣ሕማም ርእስ፣ ዕግርግር ምባልን ውጽኣትን ከስዕብ ይኽእል እዩ።

ገሊኡ ጐዳኢ ሳዕቤናት ብተደጋጋሚ ዘጋጥም እኳ እንተዘይኰነ ኣዝዩ ኽቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ ። **ስለዚ 911 ደዉል ወይ ብፍጥነት ናብ ክፍሊ ህጹጽ ኵነታት ኪድ እንድሕር እዞም ምልክታት እዚኦም ኣማዕቢልካ፦ ቆፎ፣ ገጽ ከናፍር መልሓስ ወይ ሕብጥታት ጐረሮ፣ ፀገም ምስትንፋስ ፣ ዕግርግር ምባል ወይ ዘየቃርፅ ምትፋእ ፣ ከቢድ ሕማም ከሽዐ ወይ ቃንዛ ከብዲ፣ ፅልም ዝበለ ሽንቲ።**

**<u>እንታይ ካልእ ክፈልጥ ኣሎኒ ?</u>**

1. ዋላ እውን ጽቡቕ እንተ ተሰምዓካ መዓልታዊ ነዚ መድሃኒት እዚ ኽትወስድ ኣሎካ።
2. ነዚ መድሃኒት እዚ ኣብ ወርሒ ኽትመልእ ኣሎካ።
3. ኣልኮላዊ መስተ ኣይትስተ። ብዙሕ ማይ ስተ።
4. ናብ ካልእ ቤት ጽሕፈት ሓኪም ሕክምናዊ ክሊኒክ ወይ ክፍሊ ህጹጽ ኵነታት እንተኼድካ ልዑል ጸቕጢ ደም ከም ዘለካን ሊዚኖፕሪል ትወስድ ከም ዘለኻን ክትነግሮም ኣሎካ።
5. ጥንስቲ እንተኮንኪ እዚ መድሃኒት ኣይትውሰዶ። ምስ ሓኪም ንምርኻብ ናብ ግሬስ ቪለጅ ሜዲካል ክሊኒክ ተመለሲ እሞ ካልእ ክትወስድዮ ዘለሲ ልዑል ጸቕጢ ደም መድሃኒት ክንረክብ ንኽእል ኢና።

"ናይ ጥዕና ሓበሬታ ልሓደ ስራሕ ብሓደ ዝተቐመጠ መስርሕ ትሕዝትኡ ኣፍቲ ድሕረ ገፅ ቅሩብ ዝኾነሉ ንሓበሬታ ጥቕሚ ብቻ እዩ፣ ንከም ናይ በዓል ሞያ ሕክምና ክዉሰድ የብሉን። ኩሉ ግዘ ናይ ሓኪም ምኽሪ ምድላይ ወይ ካልኦት ብቑዓት ናይ ጥዕና ጥበቃ ሓገዝቲ ንዝኾኑ ሕቶ ምስ ናይ ሕክምና ዛዕባ ወይ ምስ ዝተትሓዘ "